ሚኒስትሪ መንግስቲ ባየርን
ሓለዋ ከባቢያዊ ልምዓትን ተጠቀምትን

**ናይ ሓበሬታ ወረቐት ንኣመንቲ ምስልምና፡**

**ብዛዕባ ምሕራድ እንስሳ ኣብ በዓላት ምስልምና ዝምልከት ናይ ኣወራጃ ባየር ስርዓትን ሕግን**

. ኣብ ገዛ ኮነ ኣብ ኩፉት ቦታ (ደገ) እንስሳ ምሕራድ ኣይፍቀድን እዩ።

. እቶም እንስሳታት ወኻ ብምቑእ ኣገባብ መጓዓዝያ (ንኣብነት ብ ተሰሓቢት መኪና) ጌርኩም ጥራይ ኢኹም ክትወስድዎም ትኽእሉ። ኣብ መኪና ብድሕሪት እንስሳ ምጽዓን ኩልኩል እዩ።

. እንስሳታት ብጥንቃቕ ክተሓዙ ይግባእ። ብጸምሮም ምውጣጥ ኮነ ኣብ ልዕሊኦም ምውጣሕ፡ የእጋሮም ምእሳር ኮነ ምሓዝ ወይ ተመሳሰልቲ ነገራት ኣይግባእን እዩ። እቶም እንስሳታት ጥራይ ዘይኮኑስ እቲ ዓይነት ስጋ ወኻ በዚ ኣገባብ ምስ ትሕዝዎም ክባላሾ ይኽእል እዩ።

. ብ ማስረት ሕጊ ኣተሓሕዛ እንስሳታት ፡ ሓንቲ እንስሳ ብ **መደንዘዚ** ተጠቒምኩም ጥራይ ኢኹም ክትሓርድወን ትኽእሉ። ንሓንቲ ዘይደንዘዘት እንስሳ ደም ምፍሳስ ወይ ምሕራድ ኩልኩል እዩ። ንፍሉይ ነገር ምስ ዘጋጥም ጥራይ እዩ መንግስቲ ብዘይ መደንዘዚ ክሕረዳ ዘፍቅድ።

. እንስሳ ባዕልኹም ክትሓርድወን ትኽእሉ እንተ ደኣ ንስኹም ናይ መሕረዲ ፍቓድ ወረቐት ትውኑ ኮይንኩም ጥራይ እዩ ዝከኣል። ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ቤት ጽሕፈት እንስሳታት (ቨተሪን ኣምት) ኬድኩም ተወከሱ።

. ከም ኣማራጺ ግን እታ እንስሳ ናብ ኪኢላ ሓራዳይ ወሲድኩም፡ ክትክስተን ከላ ድማ ኢድኩም ኣብታ እንስሳ ኣንቢርኩም ጸሎትኩም ክትፍጽሙ ትኽእሉ ኢኹም።

. **ኣገዳሲ ነገር ኣብ እዋን ክስተና፡** ካብ ዘድሊ ንላዕሊ ምሕራድ፡ ክሳድ እንስሳ ዓምጺጽካ ክሳዳ ምስባር ኩልኩል እዩ። እታ ርእሳ ድማ ሂወት ምስ ሓለፈ ክትቁረጽ ይግባእ።

. እቲ መኸስተኒ ቦታ ድማ ብስምምዕ ኣኸስታኒ ጥራይ ኢኹም ክትኣትዉ ትኽእሉ። ናብኡ ንኽትኣትው ዘድሊ ነገራት ድማ፡ **ጽሩይ ናይ መከናኸኒ ክዳን** (ንኣብነት ሓንሳብ ተኸዲንካ ዝጎሓፍ) **ጽሬትን ኢንፈክሽን ምልጋስን የእዳውኮነ ጫማ፡** እንተ ዳኣ ኣብ ምቁርራጽ እንስሳ ክትሳተፉ ተፈቒዱልኩም ድማ ኣቐዲምኩም **ኣስተምህሮ ናይ ክንክን ኢንፈክሽን** ክትወስዱ ይግባእ። ነዚ ዝምልከት ድማ ኣብ ከተማኹም ዘሎ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ጥዕና ኣገልጉሎት ይህብ።

. ወግዓዊ **ናይ ዝሕረዳ እንስሳታትን ናይ ስጋ መርመራ** ክትገብሩ ብሕጊ ይግባእ። እቲ ወግዓዊ ናይ እንስሳታት ሓኪም እታ እንስሳ ጥዕና ኣለዋ ድዩ ይምርምር ከምኡ ወኻ ክፉል ኣካላታ ክለግስ ወይ ክጎሓፍ እንተ ኣለዎ ይርኢ። እቲ ጣዕሚ ናይቲ ስጋ ድማ ብሜሕተም ስጋን ሕብሪ ናይ ተበላዕቲ ነገራት ዘሜልእ ተገይሩ ይልጠፍ። ብድሕሪ እዚ ኢኹም ስጋኹም ክትወስድዎ ትኽእሉ።

. ዝተወሰኑ ክፉል ኣካላት እንስሳን ሓደገኛ ንጥዕና ዝበሃሉ ክወሰዱ ኣይፍቀዱን እዮም በቲ እንዳ ጠባሕቲ ትካል ድማ ይጎሓፉ። እዚ ኣቶም ከም ጩጰ ራ (ለዩም) ናይ በጊዕን ጠልን እዩ። ከምኡ ድማ ካብ 12 ዕድመን ላዕሊ ዘለወን ከብቲ፡ ኣጣላን ኣባጊዕን ሽከና ኮነ ሓንጎለንን የዒንትን ክወሰዱ ኣይፍቀዱን እዮም።

. መዓናጠቕ ከብድን ከኣ በቲ ጠባሓይ ምስ ዝጸሪ ጥራይ ኢኹምክትወስድዎ ዝፍቀድ። ርእሲ ወን ክሳብ 12 ዕድመ ዘለወን እንስሳታት ካብ ቆርበተን ተቐሊጡብ ሓራዲ ምስ ዝወሃበኩም ጥራይ እዩ።

. ናብ ገዛኹምመውሰዲ ወን ጽሩይ ፕላስቲክ ካሴታ ወይ ኣብ ጊዜ ሓጋይ ምስ መዝሓሊኡ ጌርኩምክትወስዶ ነ ማኸረኩም።

ዝኾነ ነ ዚ ዝምልከት ሕቶ ወይ ድማሓበሬታ ብዛዕባ ኣስተምህሮ ኣጠባብሓ ዝምልከት ምስ ዘድልየኩም፡ ኣብ ከተማኹምዘሎቤት ጽሕፈት ጉዳይ እንስሳታት (ምምሕዳር ወይ መዛጋጃቤት) ከድኩምክትወክሱ ትኽእሉ ኢኹም።